The America Team for
Dialogue ዘተ Victory ዓወት Unity ሓድነት
Freedom for Eritrea

**03/02/2010**

# ብምኽንያት በዓል ልደትን ሓድሽ ዓመትን የዕሪፉ ዝጸንሐ፣ መስርሕ ምስግጋር ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ኢትዮጵያ ናብ ሳልሳይ ሃገር ብ23 ኤርትራውያን ስደተኛታት ሎሚ ዕለት 03/02/2010 ጀሚሩ፣

ብምኽንያት በዓል ልደትን ሓድሽ ዓመትን የዕሪፉ ዝጸንሐ፣ መስርሕ ምስግጋር ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ኢትዮጵያ ናብ ሳልሳይ ሃገር ብሎሚ ዕለት 03/02/2010 ስርሑ ጀሚሩ። ኣብ'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ሓድሽ ዓመት ፈለምቲ ጉዕዞ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሽመልባ ናብ ኣሜሪካ 23 ኤርትራውያን ስደተኛታት ሎሚ ምሸት ክብገሱ ምዃኖም ተበሲሩ'ሎ።




ምስሊ ሎሚ ምሸት ዕለት 03/02/2010 ብመስርሕ ጉሩፕ ሪሰትልመንት ናብ ሳልሳይ ሃገር ካብ ዝሰጋገሩ




በዚ ኣጋጣሚ ድማ ቤ/ጽ ጉዳይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስትን ኢትዮጵያ (ARRA) ሰናይ ጉዕዞ ክኾነሎም ተመንዩ።

ብዘይካ'ዚ መግለጺ ቤ/ጽ ጉዳይ ስደተኛታት ንኤርትራውያን ተጋዓዝቲ፣ ናይ ሪስትልመን ዕድል ረኺብኩም ናብ ሳልሳይ ሃገር ትኸዱ ብምህላውኩም ዝተሰመዓና ሓጎስ ብሽም ቤ/ጽሕፈትን ብሽም ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ነመስግን ድሕሪ ምባል፡ ከምዝፍለ ኣብ ኢትዮጵያ ልዕሊ 45 ሽሕ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ 4[ተ] ካምፕታት ማለት ኣብ ትግራይ ኣብ ሽመልባን ማይ-ዓይንን ኣብ ዓፋር ኣብ ኣስሓይታን በርሓለን ከምኡ'ውን ኣብ ኣዲስ-ኣበባን ምህላዎም ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ብሰንኪ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዘይምዕሩይ ምሕደራን ጨካን ኣረሜን ዝኾነ ስርዓት ራሕሪሖም ብሓደ ወርሒ 2114 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ይኣትዉ ኣለዉ።

ብዘይካ'ዚ ኣብ'ቲ መግለጺ፣ በዚ ዝተላዕለ መዓስከር ኤርትራውያን ስደተኛታት ማይ-ዓይኒ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብዋሕዚ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብምምልኡ፣ ሓድሽ ካምፕ ዓዲ-ሓሩሽ ዝበሃል ኣብ ምኽፋት ይርከብ።

በዚ መሰረት ሽግራት ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ምቅላል፣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ገበርቲ ሰናይ ግብርታትን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ኣሜሪካ ኣብ ዝገብሮ ጻዕሪ ካብ 2006ዓ.ም ክሳብ 2009 ቁጽሪ ናብ ሳልሳይ ሃገር ዝተሰጋገሩ 5822 በጺሑ'ዩ። ኣብ'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት 2010 ድማ 3100 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሳልሳይ ሃገር ክሰጋገሩ'ዮም። እዞም ናይ ሎሚ ተጓዓዝቲ ድማ ኣካል ናይዞም ኣብዚ ዓመት 2010 ዝጎዓዙ ናይ መጀመርታ ዙር ምዃንኩም'ዩ። እቶም ዝተረፉ የሕዋትኩም ድማ ክስዕብኩም'ዮም ድሕሪ ምባል፡ ሕጂ'ውን ኣተሓሕዛን ኣቀባብላን ንኤርትራውያን ሰደተኛታት ብህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ፣ ካብቲ ዝጸንሐ ብዝተመሓየሸን ብዝለዓለን ክቅጽል'ዩ ክብል ንተጓዓዝቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣበሲሮም።

ብድሕርዚ ተጓዓዝቲ ስደተኛታት ቃሎም ኣስሚዖም። ብዝረኸብዎ ዕድል ካብ መንጋጋ ጨቋኒ ስርዓት ህግደፍ ወጺና፣ ነዚ ዕድል ምርካብና ዳግም ምውላድና'ዩ። ንህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ድማ ነመስግን።

ንሙሉ ትሕዝቶ ቃለ-መሕተት ተጓዓዝቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ቀጻሊ የራኽበና።

## "ራህዋን ብልጽግናን ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን!!"

## " ዓለም ዓኺ-ጡፍ ዝበለቶ፣ ፉን-ፉን ምሕደራ ህግደፍን ኢሰያስን ኣብ ምእላይ ኩልና ኤርትራውያን ዓቅምና ነበርክት!!"